# <u>*ውሁድ ተበግሶን ትብዓትን መሰረት ኣንጻባራቒ ፖለቲካዊ ዓወት*</u>

*ይዕበ ይንኣስ ንብዙሓት ዝምልከት ስራሕ፡ ዝተወሃሃደ ሓባራዊ ትልሚ፡ ነቲ ትልሚ ናብ ተግባር ዝትርጉም ኣወዳድባ፡ ኣነ ንእምነተይ ንመሰለይ ዝብል ውሽጣዊ ሕራነን እንተረኺቡ ከድምዕ ከስምዕ ውሁብ ነገር'ዩ። ከም'ቲ "ዝተጠምራ ኣጻባዕ ኣርቃይ የንጸበዓ" ዝበሃል ምስላ ውጹዓትን ብዙሓትን ጸላእን ፈታውን ኣለልዮም፡ ጸገማቶም ቀዳማይን ካልኣይ ሰሪዮም ሓባራዊ ኣገንዝቦ ኣማዕቢሎም፡ ሓባራዊ ተበግሶን እንተወሲዶም መደባት ጸላኢኦም ከበርዕኑ ኣንጸባራቒ ዓወት ድማ ክሓፍሱ ከም ዝኽእሉ፡ ኣንጻር መላኺ መንግስታዊ ጉጅለ ዝተሰለፉ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኤርትራውያን ብ13 ሚያዝያ 2017 ኣብ ሆላንድ ዝፈጸምዎ ተግባር ጭቡጥ ኣብነት'ዩ። ኣብ ሆላንድ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ውጥን ጥፍኣት ጉጅለ ህግደፍን ካብ ንቡር ወጻኢ ካብ መንእሰያት ኤርትራ፡ መንእሰያት ህግደፍ (ደቂ-ህግደፍ) ተባሂሎም ክጽውዑን ኣብ ገበናዊ ተግባራት ክዋፈሩ ዝወሰኑ ኣምለኽትን ኣብ ምብርዓን ዝወሰድዎ ውሁድ ተበግሶን ዝሓፈስዎ ዓወትን ንጸላኢ ርእሱ ዘድነነ፡ ንደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ፍናን ዝህብ ሓባራዊ ዓወት ብምዃኑ ብኹሉ ተቓላሳይ ክድገፍን ክተባባዕን ይግባእ።*

*ቀዳማይ ጸላኢና ጃንዳዊት ውዲታዊ ጉጅላዊ መንግስቲ ህግደፍ፡ ዝባኖም ዝቐልዑ ንዓኻን ስለኻን ዝብሉ ኣምለኽቱ፡ ናትና ዝብልዎ ፖለቲካዊ መርገጽ ዘይብሎም ልኩማት ወድዓውያን ተሓባባርቱ፡ ገንዘባውን ነገራውን ደገፋት ብምግባር ከቐጽልዎ ዝሓልሙ ግድማውያን ለኣኽቱን ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ኣብ ዝባና ኮይኖም ክስዕስዑ፡ ብመሰልናን ረብሓናን ከላግጹ፡ ኣብ ዝባን ሬሳ ኮይኖም ተሓንበለ ክብሉ ዕድል ዝረኸብሉ ምስጢር፡ ናቶም ፍሉይ ሓይሊ፡ ጥበብን ተበግሶን ኣይኮነን። ናትና ሕድሕድ ዘይምንባብ፣ ዘይምክብባር፣ ዘይውህደት፣ ተበግሶ ዘይምውሳድን ንተበግሶኻ ብጽንዓት ደው ናይ ዘይምባልን ሕመቕ ውጽኢት'ዩ። ንሕና ግፉዓትን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጥን ካብ ጉጅለ ህግደፍ፡ ኣምለኽቱ፡ ወድዓውያን መጋበርያታቱ፡ ግዳማውያን ዓንገልቱ፡ ዝተዓጻጸፍ ብዝሕን ሓይልን ኣለና። ዘለና ሓይሊ ኩለ-መዳያዊ'ዩ። ነዚ ኣብ ኢድና ዘሎ ኩሉ-መዳያዊ ሓይሊ ብግቡእ ወዲቡ፡ ኣወሃሂዱን ኣተሓባቢሩን ተቓሊሱ ዘቃልስ ብቑዕን ውፉይን ፖለቲካዊ መሪሕነት ስለዘይተረኽበ ግን፡ ብኩለንተናና ከም ዝለመስና፡ መጻወቲ ናይ'ዞም እኽብካብ በጋሚዶታት ኮይና ክሳብ ከም ህዝቢ ሓደጋ ምብትታን ከየጋጥመና ኣብ እንሰግኣሉ ኣሰካፊ ደረጃ በጺሕና ንርከብ።*

*ሕቶ መሪሕ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ውድብን ብብቕዓቱን ተወፋይነቱን ዝልለ ፖለቲካዊ መሪሕነት ስለዘይመለስና፡ ናብ ውሑስ ሰላም፡ ደሞክራስን ልምዓትን ዝወስድ ኣንፈት ፖለቲካዊ ዓወት ጠፊኡና። ጉጅለ ህግደፍን መሰልቱን ኮነ ኢሎም ብዝወፍርሉ፡ ትምክሕታዊ፣ ጸቢብን በለጽን ናይ ድሕረት ማሕለኻ ተኣሲርና ኣብ ሰንፈላል ወዲቕና። "ኣይንዓዲ ኣይንዓውዲ" ከም ዝተባህለ ዘለና ሓይሊ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልና ኣብ ምኽባር'ኳ ክንጥቀመሉ ኣይከኣልናን። ሓይሊ ጉጅለ ህግደፍ ኣምለኽቱን ወድዓውያን መጋበርያታቱን ብፍላይ ኣብ'ዚ ወቕቲ'ዚ ትርጉም ኣልቦ'ዩ። ምትእምማን ፈጢርና፡ ብውህደት፡ ብሕብረት ኣነ ንፖለቲካዊ መስመረይ ንመሰለይ ኣብ ዝብል ጸኒዕና እንተተበጊስና፡ ከም'ቲ " በትሪ ኣብ ኢድካ ተመን'ከ ኣብ እግርኻ" ዝተባህለ፡ እቲ መህረሚ በትሪ ኣብ ኢድና'ዩ። ህግደፍ ድማ ኣብ ትሕተና'ዩ ዘሎ። ናትና ናይ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዘተኣማምን በትሪ'ሺ እንታይ'ዩ? ካብ ትምክሕቲ፡ ጽበትን በለጽን ዝደሓነ፡ ንክብረት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፡ ንደሞክራስያዊ ማዕርነታዊ ሓድነት፡ ንሓባራዊ ዓወትን ተጠቃምነት ዝጣበቕ፡ ህግደፋውያን ካብ ዝኽተልዎ ዘለው ኣብ ዜጋን ግኡዝ መሬትን ዝሰረቱ ኣዕናዊ ኣተሓሳስባ፡ ብዓይነቱ ዝተፈለየ ንክብረት ወዲ-ሰብ ቀዳምነት ዝህብ ፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ብቕዓት ምምሕዳሩን ምውናን'ዩ። ነገራት ብስምዒት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ድሌትን ምስ ክውንነት እናተመዓደወ ዝኸደሉ ኩነታት ክፍጠረሉ ኣለዎ። ዝተዘርገ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ብቐንዱ፡ ብጉልበት ዘይኮነ ብሓይሊ ሓሳብ ከም ዝጸሪ ምእማን የድሊ። ስርዓት ደርግ ብሓይልን ብሕግን ምስ ተወገደ፡ ኣብ ኤርትራ እንታይ ከምዘጋጠመ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው እንኮስ ህግደፍ ጥራሕ ይወገድ 'ምበር ዝብል ህንጡይነት ዝደፍኦ ኣተሓሳስባ ተሓጺባካ ናብ ጭካ ምዃኑ ምርዳእን ምስትኽኻል የድሊ።*

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ ኤርትራውያን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሆላንድ ብመንግስቲ ህግደፍ ዝተወደበ፣ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ንጥፍኣት ነብሶም ዘዳለው ልኡኻት ክሳተፍዎ፣ ዕሉል መጋበርያ ውልቀ መላኺ ዝኾነ የማነ ገብረኣብ መደረ ከስመዓሉ፣ ገንዘብ ክቕርመሉ፣ ኣይተነጸልናን ደገፍቲ ኣለውና ዲፕሎማስያዊ መጻወቲ ክረኽበሉ ካብ ነዊሕ ዝተወጠነን ብዙሕ ምውዕዋዕ ዝተገብረሉን መደብ ብምስባሮም ዝተሰመየ ሓበን ይገልጽ። ኣብ ሃገሮም ልዕልና ሕጊ ኣህሲሶም ኣብ ዓዲ ሕጊ ዓዲ ደሞክራሲ መደባት ጥፍኣት እነውጽኣሉ ዋዕላ ከይንገብር ተኸልኪልና ኢሎም*

ንዝኸሰሱ ነዳያት ቤት ፍርዲ ዝሃቦ መልስን ቀልጢፍኩም ካብ ዝሓዝክሞ ሆቴል ትወጽኡን ትእዛዝ ድማ የመጉስ። ዘይተጸበይዎ ፖለቲካዊ ጽፍዒት ዝተቐበሉ ጉጅለ ህግደፍን ደቂ-ህግደፍን ኣይተሰዓርናን ዋዕላ ኣካይዳና ኢና ክብሉ ዘቃልሕዎ ዜና ድማ ከም ካልኣይ ዓወት ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ይውስዶ። ካብ'ዚ ዕውት መደብ'ዚ ንቕድሚት ተመሳሳሊ ኣንጸባራቒ ዓወት ንምሕፋስ ዘኽእል ትምህርቲ ክውሰድ ከም ዝኽእል ድማ ይኣምን። እዚ ኤርትራውያን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብ13 ሚያዝያ 2017 ኣብ ሆላንድ ዝሓፈስዎ ዓወት ሓንሳብ ተራእዩ ከይቕህም ቀጻልን ተቐጻጽልን ኮይኑ መሓውር ህግደፍ ከሽምርር ሕጂ'ውን ንጹር ፖለቲካዊ መስመር፡ ንቕሓት፡ ብቕዓትን ግብራዊ ተበግሶን ብኹልና። ኣብ መወዳእታ፡ ኤርትራውያን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ብዝሓፍስክሞ ዓወት ኣሕቢንኩምና ኢኹም'ሞ ሓበን ይሰማዕኩም።

ብሓልዮት ደ, ግ, ሓ, ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡
19 ሚያዝያ 2017